# ጸሎት በእንተ ጽንዓ ዛቲ መካን

ምእንቲ ጽንዓት እዛ ቤተ ክርስቲያን እዚኣን ምእንቲ ኲለን ብስም ቅዱሳን ኣቦታትና ዝተሰምያ ኣብያተ ክርስቲያንን፣ ምእንቲ ገዳማትን ኣብ ውሽጠን ዝነብሩ ኣረገውትን፣ ምእንቲ ሓለዋ ምሉእ ዓለምን፣ እግዚኣብሔር ካብ ኲሉ እኩይ ክሕልዎምን፣ ንዓና ውን ኃጢኣትና ክሠርየልናን ጸልዩ፡፡

ሕዝቢ፦ ኦ ጐይታ ይቕረ በለልና ይበሉ፡፡

ምእንቲ እዞም ኣብዛ ቦታ እዚኣ ብዅሉ ሕማም ብሥጋን ብነፍስን ዝሓመሙ ኣቦታትናን ኣኅዋትናን፣ ምእንቲ እቶም ኣብ ኲሉ ቦታ ዘለዉ ሕሙማትን እግዚኣብሔር ንዓናን ንዓኣቶምን ሠናይ ነገር ክገብረልናን ብሕይወትን ብጥዕናን ክሕልወናን፣ ንዓና ውን ኃጢኣትና ክሠርየልናን ጸልዩ፡፡

ሕዝቢ፦ ኦ ጐይታ ይቕረ በለልና ይበሉ፡፡

ምእንቲ እቶም ብምድረ በዳ፣ ብባሕሪ፣ ብኣፍላጋት፣ ብቐላያት ብኲሉ ብካልእ መገዲ ውን ዝጐዓዙ ኣቦታትናን ኣኅዋትናን እግዚኣብሔር ብቕኑዕ መገዲ ክመርሖምን ብሐጐስን ብደስታን ናናብ ዓዶም ክመልሶምን፣ ንዓና ውን ኃጢኣትና ከኣ ክሠርየልናን ጸልዩ፡፡

ሕዝቢ፦ ኦ ጐይታ ይቕረ በለልና ይበሉ፡፡

ምእንቲ ፍረ ገራሁን ፍረ ኣእዋምን ወይንታትን፣ ምእንቲ እቲ ኣብ ኲሉ ዓለም ዘሎ ፍረ ዝፈሪ ዕፀዋትን እግዚኣብሔር ክባርኾምን ኬብዝኖምን ብዘይ ገለ ጥፍኣት ኬፍርዮምን፣ ንዓና ውን ኃጢኣትና ክሠርየልናን ጸልዩ፡፡

ሕዝቢ፦ ኦ ጐይታ ይቕረ በለልና ይበሉ፡፡

ክርስቶስ ኣምላኽና ምሕረትን ፍቕርን ክህበናን፥ ንልቢ ገዛእትን ደያኑን ኵሉ ሳዕ ብሠናይ ነገር ኪራኅርኃልና፥ ንዓና ውን ኃጢኣትና ክሠርየልናን ጸልዩ፡፡

ሕዝቢ፥- ኦ ጐይታ ይቕረ በለልና ይበሉ፡፡

ምእንቲ መፍቀሬ እግዚአብሔር መራሒ ሃገርናን ሰበ-ሥልጣናት መማርሕቱን፥ መኳንንቱን፥ ሠራዊቱን፥ እግዚአብሔር ብሰላም ሓልዩ ኼንብሮምን ንቤተ ክርስቲያን ሠናይ ነገር ኬሕስቦምን፥ ኃጢኣትና ክሠርየልናን ጸልዩ፡፡

ሕዝቢ፥- ኦ ጐይታ ይቕረ በለልና ይበሉ፡፡

ምእንቲ ብቕንዕቲ ሃይማኖት ዝዓረፉ ኣቦታትናን፥ ኣዴታትናን፥ ኣኅዋትናን፥ ኣኃትናን ካብቶም ቀዳሞት ቅዱሳን ኣቦታትና ጳጳሳትን፥ ኣቦታትና ሊቃነ ጳጳሳትን፥ ኣቦታትና ኤጲስ ቆጶሳትን፥ ኣቦታትና፥ ቀሳውስትን፥ ኣኅዋትና፥ ዲያቆናትን፥ ኣቦታትና ሕዝባውያንን ካብ ማኅበር ክርስቲያን ንዘዕረፉ ኵሎም እግዚአብሔር ነፍሶም ኬዕርፍን ኪምሕሮምን፥ ንዓና ውን ኃጢኣትና ክሠርየልናን ጸልዩ፡፡

ሕዝቢ፥- ኦ ጐይታ ይቕረ በለልና ይበሉ፡፡

ምእንቲ ሓደስቲ ኣመንቲ ሕዝብና፥ እግዚአብሔር ክባርኾምን ክሳዕ መወዳእታ እስትንፋስ ብቕንዕቲ ሃይማኖት ኬጽንዖምን፥ ንዓና'ውን ኃጢኣትና ክሠርየልናን ጸልዩ፡፡

ሕዝቢ፥- ኦ ጐይታ ይቕረ በለልና ይበሉ፡፡

ምእንቲ ሰላም ሓንቲ ቅድስት ብጉባኤ ሐዋርያት ዝቖመት ቤተ ክርስቲያን ምእንቲ ምድኃን ሕዝብን ምእንቲ ሓለዋ ኵሉ ቦታን ንዓና ውን ኃጢኣትና ክሠርየልና ጸልዩ።

ሕዝቢ፥ ኦ ጐይታ ይቕረ በለልና ይበሉ።

ምእንቲ ሕይወቱን ሞቱን ንብረቱን ብፁዕን ቅዱስን ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት፥ ኣቦና ዲዮስቆሮስን ንጳጳስ ኣቦና ባስልዮስን ብሕይወት ሓልዩ ንነዊሕ ዘመን ኣብ መንበር ስብከቶም ኬጽንዖን ንዓና ውን ኃጢኣትና ክሠርየልናን ጸልዩ።

ሕዝቢ፥ ኦ ጐይታ ይቕረ በለልና ይበል።

ምእንቲ እዚ ማኅበርናን ኵሎም ቅኑዕ እምነት ዘለዎም ማኅበረ ሕዝበ ክርስቲያንን፥ እግዚአብሔር ክሕልዎምን ብሰላም ኬፈጽሞምን ንዓና'ውን ኃጢኣትና ክሠርየልናን ጸልዩ፡፡

ሕዝቢ፥ ኦ ጐይታ ይቕረ በለልና ይበሉ።

ምእንቲ እቶም ናብ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ካብ ሰብን እንስሳን መባእ ዜቕርቡ፥ እግዚኣብሔር ክባርኾምን፥ ኬጽንዖምን ክረድኦምን ንዓና ውን ኃጢኣትና ክሠርየልናን ጸልዩ፡፡

ሕዝቢ፥ ኦ ጐይታ ይቕረ በለልና ይበል።

ምእንቲ ኵሎም እቶም ንቤተ ክርስቲያን ሠናይ ሓሳባት ዝሓስቡ ሰባትን፥ ምእንቲ እቶም ኣብ ኵሉ ቦታ ንቕኑዕ ነገር ዝጻምዉን ቅኑዕ ሃይማኖት ዘለዎምን፥ እግዚአብሔር ክባርኾምን ዓስቦም ክህቦምን ምሕረቱ ኣብኣቶም ክገብርን ንዓና ውን ኃጢኣትና ክሠርየልናን ጸልዩ፡፡

ሕዝቢ፥ ኦ ጐይታ ይቕረ በለልና ይበሉ።

ምእንቲ ነቶም ብቍርባንን፥ ብዕጣንን፥ ብዘይትን ብኣቕሑ ቤተ መቕደስን ዝሓልዩን ዝንበቡ መጻሕፍቲ ዝህቡ፥ እግዚአብሔር ኣብቲ ዝሓሸ ኣብ ኢየሩሳሌም ሰማያዊት ዓስቦም ክኸፍሎምን ንዓና'ውን ኃጢኣትና ክሠርየልናን ጸልዩ፡፡

ሕዝቢ፥ ኦ ጐይታ ይቕረ በለልና ይበሉ።

ምእንቲ እቶም ዓበይቲ ኣቦታትና ሊቃውንቲ ቤተ ክርስቲያንን፡ ዘክሩና ዝበሉናን፡ ክንዝክሮም ዝኣዘዙናን፡ ንነፍስ ወከፍ በብስሞም እግዚአብሔር ክባርኾምን ኣብ ቅድሚ ኣመሓደርቲ ፍቕሪ ክህቦምን ኃጢኣትና ንዓና ውን ክሠርየልናን ጸልዩ፡፡

ሕዝቢ፡ ኦ ጐይታ ይቕረ በለልና ይበሉ።

ምእንቲ ድኻታትን፡ ምስኪናትን፡ መበለታትን፡ ዘኽታማትን፡ ጭኑቓትን፡ ዘርኢ ዝዘርኡ ሓረስቶትን፡ ዝሸጡን ዝዕድጉን ኣብ ኵሉ ቦታ ዘለዉ፡ ጭኑቓት ሰባትን፡ እግዚአብሔር ክምሕሮምን ይቕረ ኽብለሎምን ንዓና ውን ኃጢኣትና ክሠርየልናን ጸልዩ፡፡

ሕዝቢ፡ ኦ ጐይታ ይቕረ በለልና ይበሉ።

ምእንቲ እቶም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዝጭነቑን፡ ዓዶም ሓዲጎም ዝተሰዱን፡ ኣብ ምርኮ ዘለዉን፡ ብማእሰርቲ ሰይጣናት ዝተኣስሩን፡ እግዚአብሔር ካብ ኵሉ ኬድኅኖምን ክምሕሮምን ንዓና ውን ኃጢኣትና ክሠርየልናን ጸልዩ፡፡

ሕዝቢ፡ ኦ ጐይታ ይቕረ በለልና ይበሉ።

ምእንቲ ኵሎም እቶም ንነፍሶም ምሕረት ምእንቲ ክረኽቡ ኣብዛ ቅድስቲ ቤተ ክርስቲያን እዚኣ ዝተኣከቡ ሰባት ቀልጢፎም ምሕረት እግዚአብሔር ኣምላኽና ክረኽቡን፡ ንዓና ውን ኃጢኣትና ክሠርየልናን ጸልዩ፡፡

ሕዝቢ፡ ኦ ጐይታ ይቕረ በለልና ይበሉ።

ምእንቲ ናይ'ዚ ዓመት እዚ ርደተ ዝናማትን፡ ምምላእ ማያትን፡ ባሕርን፡ ኣፍላጋትን፡ ክርስቶስ ኣምላኽና ብሓቂ ክባርኾምን ክሳዕ ደረቶም ክመልኦምን፡ ንገጽ ምድሪ ከኣ ብልምላሜ ኬሓጕሳን፡ ንኹሉ ፍጡር ብረድኤት ኬጽንዖን ንኵሉ እንስሳ ሕይወት ክህቦን፡ ንዓና ውን ኃጢኣትና ክሠርየልናን ጸልዩ፡፡

ሕዝቢ፥ ኦ ጐይታ ይቕረ በለልና ይበሉ።

ምእንቲ እቶም ኵሎም ዘክሩና ዝበሉናን ብጸሎትና ክንዝክሮም ዝኣዘዙናን እግዚአብሔር ብሠናይ ነገር ክዝክሮምን ክምሕሮምን ንዓና ውን ኃጢኣትና ይቕረ ኪብለልናን ጸልዩ፡፡

ሕዝቢ፥ ኦ ጐይታ ይቕረ በለልና ይበሉ።

ምእንቲ ነዛ ሰሙን እዚኣ እግዚአብሔር ብሰላም ክፍጽማን፥ ፈተና ጸላኢ ኬርሕቐልናን፥ ንነፍሳትና ኬድኅንን ምሕረት ክህበናን፥ ንዓና ውን ኃጢኣትና ክሠርየልናን ጸልዩ፡፡

ሕዝቢ፥ ኦ ጐይታ ይቕረ በለልና ይበሉ።

እግዚአብሔር ኣምላኽና ምእንቲ ኪርኅርኃልናን ክምሕረናን፥ ጸሎትናን ልማኖናን ኪቕበለልናን፥ ነዛ ሰሙን እዚኣ ከኣ ብሰላም ኬፈጽመናን ብፍጹም ሓጐስን ደስታን ብርሃነ ትንሣኤኡ ኼርእየናን ንዓ ና ውን ኃጢኣትና ክኃድገልናን ጸልዩ፡፡

ሕዝቢ፥ ኦ ጐይታ ይቕረ በለልና ይበል።

እግዚአብሔር ኣምላኽና ምእንቲ ኪርኅርኃልናን ክምሕረናን፥ ጸሎትናን ልማኖናን ኪቕበለልናን፥ ነዛ ሰሙን እዚኣ ከኣ ብሰላም ኬፈጽመናን ብፍጹም ሓጐስን ደስታን ብርሃነ ትንሣኤኡ ኼርእየናን ንዓና ውን ኃጢኣትና ክኃድገልናን ጸልዩ፡፡

ሕዝቢ፥ ኦ ጐይታ ይቕረ በለልና ይበል።

እግዚአብሔር ኣምላኽና ምእንቲ ኪርኅርኃልናን ክምሕረናን፥ ጸሎትናን ልማኖናን ኪቕበለልናን፥ ነዛ ሰሙን እዚኣ ከኣ ብሰላም ኬፈጽመናን ብፍጹም ሓጐስን ደስታን ብርሃነ ትንሣኤኡ ኼርእየናን ኃጢኣትና ክኃድገልናን ጸልዩ፡፡

ሕዝቢ፥ ኦ ጐይታ ይቕረ በለልና ይበል።

እግዚአብሔር ኣምላኽና ምእንቲ ኪርኅርኃልናን ክምሕረናን፣ ጸሎትናን ልማኖናን ኪቕበለልናን፣ ነዛ ሰሙን እዚኣ ከኣ ብሰላም ኬፈጽመናን ብፍጹም ሓጐስን ደስታን ብርሃነ ትንሣኤኡ ኼርእየናን ኃጢኣትና ክኃድገልናን ጸልዩ፡፡

**ሕዝቢ፣ ኦ ጐይታ ይቕረ በለልና ይበል።**

# ኦ ማኅበራኒሁ ለክርስቶስ

## ኣቱም ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ ሓድነቱ ማኅበር ዝኾንኩም ኣኅዋተይ!

ኣብዛ ብደሙ ዝቐደሳ ቦታ ምእካብኩም፣ ነቲ ኣይሁድ ብመዓልቲ ፋሲካኦም ብቕንኣቶም ንኃጥኣን ኣኅሊፎም ዝሃብዎ ጐይታና ዝተቐበሎ መከራ ሕማሙን፣ ስቕለቱን ሞቱን ዝተወግአ ጐድኑን ዝፈሰሰ ደሙን፣ ዘኪርኩም ኢኹም፡፡

ስለዚ እግዚአብሔር ድኻምኩምን፣ ጸሎትኹምን፣ ስግደትኩምን፣ መዝሙርኩምን ይቀበለልኩም፡፡ ካብ ሕሊና ሥጋ ዝተላዕለ ብሕሊና መንፈስ እትምነይዎ ኵሉ ብፍቓዱ ይፈጽመልኩም፡፡ ተስፋ ትንሣኤ ይሃብኩም፡፡ ናይ ሓጐስ ቃል የስምዕኩም፡፡ ብፍቕሩን ብምሕረቱን ካብ መከራ ይሠውርኩም፡፡

ከምቲ ንደቀ መዛሙርቱ ኣብ ፍቕሩ ዘጽንዖም፣ ከምኡ ከኣ ኣብ ፍቕሩ የጽንዕኩም፡፡ ኣብ ኃጢኣት ከይትወድቑ ይደግፍኩም፡፡ ካብ ኃዘንኩም ይናዝዝኩም፡፡ ካብ ድኻምኩም የጽንዕኩም፡፡ ምሳይ ንኣገልግሎትኩም ጽሙድ ምስ ዝኾንኩ ኃውኩምን ምስ ኵሎም እቶም ኣብ ቀረባን ኣብ ርኁቕን ዘለዉ፣ ኣብቲ ጐይታና ዝመጸሉ መዓልቲ መርዓ፣ ኣብ ጉባኤ ኣቦታትኩም ምሳኻትኩም ክሕወሱ ኣብ ኃይሊ ጸሎትኩም ዝተማኅጸኑን ኣብ የማኑ የቚምኩም፡፡ ኣብቲ ሓጐስን ደስታን ዘለዎ ቤቱ መንግሥተ ሰማያት የእቱኹም፡፡ ንዘለዓለም ዓለም ኣሜን፡፡

### ነዋ በግዑ

እንሆ ኃጢኣት ዓለም ዜርኅቕ ገንሸል መድኃኔ ዓለም ክርስቶስ እግዚአብሔር፣ ምእንታና መከራ መስቀል ዝፆረ፣ ብኽቡር ደሙን ብመሕወዩ ዝኾነ መስቀሉን ካብ ኢድ ሰይጣን ኣናገፈና፡፡

ካብ ኣርዑተ ኃጢኣት ድማ ሓራ ኣውዕኣና፡፡ ኦ ጐይታ፣ ድኻምናን ጸሎትናን ተቐበለልና፡፡ ንኃይሊ ጸላኢና ሰይጣን ኣብ ትሕቲ እግርና ቀጥቅጦ፡፡ ነቲ ዝሕኾኾለና ናይ ክፍኣት መጻወዲያኡ ብተኸልና፡፡ ነዛ ሰሙን እዚኣ ድማ ብድኃንን ብሰላምን ኣፈጽመና፡፡ ቅድስቲ ብርሃነ ትንሣኤኻ ብሓጐስን ብደስታን ኣርእየና፡፡ እዚ ብጸሎትን ምሕጽንታን ቅድስቲ ድንግል ማርያምን፣ ብጸሎት ኵሎም ቅዱሳንን ሰማዕታትን ተቐቢሉ ይፈጽመልና ኣሜን፡፡

* * *